# ውጽኢት ምሕንጻጽ ዶብ ዝምልከት

## ምዕራፍ 3 - ዕማማት ናይዚ ኮምሽን ከምኡ'ውን ተፈጻምነት ሕጊ።

3.1 ዕማማት ናይዚ ኮምሽን ከምቲ ኣብ ዓንቀጽ 4፣ ሕጡብ 1ን 2ን ናይቲ ስምምዕ ታሕሳስ ተገሊጹ ዘሎ ከምዚ ዝስዕብ ይኸውን።

1. ምስቲ ኩነት ናይ ቅጥዒ ስምምዕ ዝቃዶ ከምኡ'ውን ሓፈሻዊ ምቁራጽ ተጻብኦ ስምምዕ ክልቲኦም ወገናት ብመትከል ምኽባር ዶባት ኣብ ግዜ ነፃነት ዝነበረ ከም ኣበሃህላ ውሳኔ AHG/Res 16(1)፣ ውዱብ ሃገራት ኣፍሪቃ፣ ኣብ ካይሮ፣ ብ1964 ተጋብኡ ብዘጽደቕ መሰረት ብቐጥታ ነቲ መግዛእታዊ ውዕላትን ተግባራዊ ዝኾነ ዓለምለኻዊ ሕግታትን ምርኩስ ብምግባር ይውስን።

2. ክልቲኦም ወገናት ብዝተሰማምዕሉ መሰረት፣ ሓሙሽተ ዝኣባላታ ዘይሻራዊት ኮምሽን ዶብ ተመስሪታ ነቲ ዶብ ንምሕንጻጽን ኣብ መሬት ምምልካትን (ሸኻል ንምትካል) ብመሰረት መግዛኣታዊ ውዕላት (1900፣ 1902፣ 1908) ከምኡ'ውን ኣብ ተግባር ዝውዕል ዓለም ለኻዊ ሕግታት ምርኩስ ብምግባር ንኽውስን ስልጣን ይህብ። እዚ ኮምሽን ብዝኾነ ይኹን መገዲ፣ ኩነታት ፖለቲካዊን ስነ-ህዝብን ኣብ ግምት ብምእታው (ex equo et bono) ክውስን ኣይክእልን ኢዩ።

3.2 ስለዚ እዚ ኮምሽን ነዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ነገራት ኣብ ግምት የእትው።

1ይ፣ ነቲ ውዕላት ምምልካት።

2ይ፣ ተግባራዊ ዝኾነ ዓለምለኻዊ ሕጊ ምርኩስ ምግባር።

3ይ፣ ቁምነገር ናይቲ ብ1964 ኣብ ካይሮ ዘሕለፎ ናይ ውዱብ ሃገራት ኣፍሪቃ ውሳኔ ምውካስ ይኸውን።

### ሀ. ትርጉም ውዕላት።

3.3 ክልቲኦም ወገናት እቲ ሰለስቲኡ ውዕላት ንብምልኡ እቲ ዶብ ከምዘጠቓልል ይተኣማመኑ። ውዕል 1900 ነቲ ማእከላይ ክፋል ዶብ ይሽፍን። ውዕል 1902 ነቲ ምዕራባዊ ክፋል ዶብ ከምኡ'ውን ውዕል 1908 ነቲ ምብራቓዊ ክፋል ዶብ ይሽፍን።

3.4 ስለዚ ትርጉም ናይዚ ውዕላት እዚ'ዩ እቲ ቀንዲ ሕመረት ናይዚ ምጉት'ዚ። እዚ ኮምሽን ነዚ ውዕላት'ዚ ከተርጉም ከሎ ሓፈሻዊ ዝኾነ ሕግታት ምርኩስ ብምግባርን ብጽቡቕ መንፈስ ነቲ ውዕላት ግቡእ ትርጉም ብምሃብ፣ ብትሕዝትኡ ይኹን ብተግባሩ ዓላምኡ ዝወቅዕ ክኸውን ኣለዎ ይብል። ነፍሲ ወከፍ ነገር ናይዚ ውዕላት'ዚ ከም መምርሒ ነቲ ክልቲኦም ወገናት ዘቕርብዎ መረዳእታ ወይ ከኣ "ሓባራዊ ድልየት" ነቲ ዝነበረ ውድዓዊ ኩነታት ከንጸባርቕ ይግባእ። ከምቲ ጎይታ ማክኔር ኣብ ብይን ፓለና[3] ዝበሎ ኢዩ።

---

[3] ኣርጀንቲና/ቺለ ዶብ ጉዳይ (1966)፣ 38 ILR 10፣ ገጽ 89 (1969) (ካብዚ ቀጺሉ ብ"ፓሌና" ዝፈልጥ)።

3.5 ኣብ ቅድሚ'ዚ ኮምሽን'ዚ ዝተበጽሐ ስምምዕ እምብኣር ነዚ ውዕላት'ዚ ከተግብር ከሎ ሰረተ-እምነት “ናይቲ ዝነበረ ኩነታት” ኣብ ግምት ከእቱ ኢዩ። ትርጉማት ይኹን ኣሰያይማ ናይ ሓደ ሓደ ቦታታት በቲ ግዜ'ቲ ዝነበሮም ትሕዝቶ ክኸውን ኢዩ። እዚ ከኣ መግለጺ (እንተላይ ኣስማት) ኣብቲ ውዕል ዝተጠቕመሉ ትርጉሞም በቲ ግዜ'ቲ ዝነበረ ይኸውን። እዚ ኮምሽን በዚ ኣቀራርባ'ዚ ነቲ ውዕላት ንምትንታን ተሰማሚዑ ኣሎ።

3.6 ናይ ክልቲኦም ወገናት ቀጻሊ ተግባራትን ኣተኣላልያን'ውን ኣብ ምጉቶም ዓቢ ግደ ኔርዎ ኢዩ። ከም ሓቂ ኣዘራርባ፣ ኣቀራርብኦም ነቲ ውዕል ብግቡእ ንምትርጓም ቁምነገር ኣይነበሮን። ተግባራቶም ወይ ከኣ ኣቀራርብኦም ነቲ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ክህሉው ዝነበሮ ሕጋዊ መዳያት ክትንክፎ ክኢሉ ይኸውን። ነቲ ኣተረጓጉማ ናይቲ ውዕል ግን ከምጽኦ ዘኽኣለ ጹልዋ ኣይነበረን። ከምዚ ቀዋሚ ዓለምለኻዊ ቤት ፍርዲ ንፍትሒ ብዛዕባ ናይ ሐደ ለቓሕ ስምምዕ ክርእይ ከሎ ዝበሎ ነዚ ጉዳይ'ዚ ኣብነት ክኸውን ይኽእል ኢዩ። እሱ ከኣ ዝበል፥

> *እንተድኣ ዝሰዕብ ኣተኣላልያ ክልቲኦም ሰብ ጉዳይ ኣብ ግምት ክኣቱ ኮይኑ ነቲ ኩነት ናይቲ ለቓሕ ክትንክፎ የብሉን እንትርፎ ብሰንኪ ኣቀራርብኦም ንመሰላቶም ክቐየር ወይ ከኣ ክትርፍ እንተዘይክኢሉ።*[4]

3.7 ብዝበለጸ ከም መረዳእታ ክኾነና ዝኽእል ከኣ ብዛዕባ ናይ ናምብያ ኣማኻሪ፣ ርእይቶ ዓለምለኻዊ ቤት ፍርዲ ንፍትሒ ኣብ 1971 ዝሃቦ ኢዩ። ኣብኡ መንግስቲ ደቡብ ኣፍሪቃ (ብጻዓዱ ዝምራሕ ዝነበረ) ከም ተቓውሞ ዘቕረቦ፣ ንብይን ሕቡራት ሃገራት ጸጥታዊ ቤት ምኽሪ፣ ነቲ ቤት ፍርዲ ምኽሪ ክህቦ ምስሓተተ ከምዚ ዝስዕብ ነበረ። መንግስቲ ደቡብ ኣፍሪቃ ይብል፣ ክልተ ቀወምቲ ኣባላት ናይቲ ቤት ምኽሪ ድምጺ ካብ ምሃብ ካብ ተቖጠቡ በዚ መሰረት'ዚ እቲ ዝጥለብ ዓንቀጽ 27(3) ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ውሳኔ ንምውሳድ፣ ርግጸኛ ንምኳን፣ ትሽዓተ ኣባላትን እንተላይ ቀወምቲ ኣባላት ዘለውዎ ኣይተማልኤን፣ ስለዚ ምኽሪ ካብቲ ቤት ፍርዲ ክሓትት የብሉን በሃላይ ኢዩ። እንተኾነ እቲ ቤት ፍርዲ ነዚ ናይ ደቡብ ኣፍሪቃ ተቓውሞ ውድቒ ጌርዎ ኢዩ። እቲ ዝሃቦ ምኽንያት ከኣ፥

> *ኣብ መስርሕ ጸጥታዊ ቤት ምኽሪ፣ ንነዊሕ እዋን ዝተኻየደ፣ ዘይተኣደነ ጭብጥታት ዘርእዮ፣ ናይቲ ባይቶኣዊ ኣቦወንበር ውሳኔን መርገጺኡን መብዛሕትኡ ግዜ ኣብላት ይኹኑ ቀወምቲ ኣባላት ናይ ሕቡራት ሃገራት ድምጺ ካብ ምሃብ ኣብ ዝተቖጠብሉ እዋን ከይተረፈ ውሳኔ ካብ ምውሳድ ኣይሶኸረን። ብፍላይ ድሕሪ ናይ 1965 ዝተወሸኸ ዓንቀጽ 27 ናይቲ ቻርተር ከም ልምዲ ተወስዱ ብኣባላቱ ይሰርሓሉ ኢዩ።*[5]

3.8 በዚ ምኽንያት፣ ሳዕቤን ናይ ቀጻሊ ኣተኣላልያ ግልጺ ኮይኑ፣ ምስቲ ጉዳይ ዝተተሓሓዘ እንተድኣ ኮይኑ፣ ናይቲ መጀመርያ ትርጉም ብዘየገድስ እቲ ውዕል ኣብ ኣተገባብራ ናይቲ ቀጥታ ውዕላት ክፍለይ ይኽእል ኢዩ።

---

[4] ለቓሕ ሰርቢያ፣ ተኸታታሊ ሀ፣ ቁጽሪ 20/21፣ ገጽ 38 (12 ሓምለ 1929)።

[5] ሕጋዊ ሳዕቤናት ቀጻሊ ህላዌ ሃገረ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ናምብያ (ደቡብ ምዕራብ ኣፍሪቃ) ሽሕ'ኳ ናይ ጸጥታዊ ቤት ምኽሪ ውሳኔ 276 (1970) እንዳሃለወ። ጽብጻብ ICJ 1971፣ ገጽ 22።

3.9 እቲ ባህርያትን ዕምቆትን ኣተኣላልያ እንተድኣ ነቲ ውዕላት ብፍልይ ዝበለ መንገዲ ከተርጉም ክኢሉ፣ እዚ በቲ ቤት ፍርዲ ተቐባልነት ይረክብ ኢዩ። ብዓለምለኻዊ ቤት ፍርዲ ንፍትሒ ብዛዕባ ቴምብል[6] ዝተባህለ ጉዳይ ዝተዋህበ ውሳኔ ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ ምስ ከምዚ ዝበለ ጉዳይ ዝጸንዔ ኢዩ ኔሩ። ኣብቲ ጉዳይ'ቲ ብሓደ ወገን ዝተራእየ ኣቀራርባ እሞ እቲ ሓደ ኣካል ከኣ ዘይሰማማዓሉ ኮይኑ እሞ ክቃወም ምኺኑ እንዳተፈልጠ ከሎ በዚ እዚ ዳሕረዋይ ቁምነገር ኣቀራርባ ናይቲ ቀዳማይ ከይብድሆ ይእገድ። ማለት ኣቀራርባ ናይቲ ቀዳማይ ኣብ ግምት ይኣቱ። እዚ ኣካይዳ'ዚ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ብዝተፈላለየ መንገዲ ማለት ከም ምዕጋት፣ ምቕባል፣ ርዱእ ስምምዕ ብዝብል ሓረጋት ተገሊጹ ኢዩ። ከምዚ ኮይኑ ግን እቲ ኣብሃህላ ተመሳሳሊ ኢዩ። ተግባር፣ ኣንፈት ኣተኣላልያ ወይ ከኣ ምውጋን ወይ ከኣ ኣብ ትሕቲ ስልጣን ሐደ ወገን ነቲ ርእይትኡ ብዛዕባ ትሕዝቶ ነቲ ተግባራዊ ሕጊ ስርዓት ዝገልጽ ድዩ በቲ ውዕላት ይኹን ልምዳዊ መፈለምታ፣ እቲ ፍልጠት፣ ውድዓዊ ድዩ ወይስ ምኹንይ መደምደምታ፣ በቲ ካልእ ወገን ዘሎ ኣተኣላልያ ድዩ ሕደገት ከምኡ ከኣ እዚ ዳሕረዋይ ወገን ኣብ ዝተወሰነ እዋን ክነጽጎ ወይ ከኣ ከንሳሕብ እንተዝይክእሉ ካብቲ መርገጺ ናይቲ ቀዳማይ ወገን ማለት ኢዩ። ከምኡ ከኣ እዚ ኣምር'ዚ ነቲ ኣረኣእያ ናይቲ ኣቕራቢ ወገን ይምልከቶ ኢዩ። ከመይሲ እቲ ባዕላዊ ኣቀራርባ ምስቲ ሕግታት ዝጻረር ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ።[7]

3.10 ንሓደ ግልጺ ዝኾነ ኩነት ውዕል፣ ብምኽንያት ኣቀራርባ ክልቲኦም ወገናት ከምዝመሓየሽ ንምግባር ተኽእሎ ክህሉ ይኽእል ኢዩ። ልክዕ ከምቲ ፋሉይን ኣገዳስን ዝኾነ ውሳኔ ጣባ ብዝምልከት ኣብ መንጎ ግብጽን እስራኤልን[8] ዝተገብረ ኢዩ። ኣብኡ እቲ ስምምዕ ዘፍቅዶ እቲ ዝትከል ዓንድታት ኣብ ዝተወሰነ ርሕቐት ንብምልኡ እቲ ዶብ ክኸውን ኣለዎ ይብል። እቲኣ ናይ መወዳእታ ዓንዲ፣ ብፍላይ ኣከራኻሪት ዝነበረት፣ ከምታ ቅድሚኡ ዝነበረት ዓንዲ ኣብ ዝተወሰነ ርሕቐት ኣይተተኽለትን። ዋላ'ኳ ከምቲ እቲ ቤት ፍርዲ ዘሓበሮ እቲ ስምምዕ ካብዚ ዝተወሰነ ርሕቀት እቲ ዓንዲ ክትከል ዘየፍቅድ'ኳ እንተኾነ ብዝኾነ ግን ግድነት ኮይኑ ስለዝተረኽበ "ኣብቲ ጽንኩር ኩነታት፣ እቲ ዓንዲ ናይቲ ዶብ ብኽልቲኦም ወገናት ኣድላይነቱ ስለዝተገንዘቡ ተቐቢሎሞ" ይብል።

3.11 ነቲ ኣገባብ ብኸመይ እዞም ክልተ ወገናት ነቲ ቦታ ናይቲ ዓንዲ "ክቕብልዎ" ክኢሎም እቲ ቤት ፍርዲ ትዕዝብቱ ብኸምዚ ይገልጾ።

> *... እቶም ዝምልከቶም ሃገራት ንልዕሊ ሓምሳ ዓመታት ዝኣክል ዝተቐበልዎ ምልክት ናይ ዶብ ዓንዲ ከምኡ'ውን በዚ መሰረት ዝሰርሓሉ ዝነበረ ብድሕርዚ ንሓደ ካብኣቶም ወይ ከኣ ካልእ ኣካል ነዚ ንነዊሕ እዋን ከምቕቡል ዝተወስደ ብመሰረት ረኺበዮ ዝብሎ ጌጋ ንኽብድህ ክፉት ኣይከውንን። እቲ መትከል ናይ ምርግጋጽ ዶባት በቲ ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ንፍትሒ ...፣[9] ተቐባልነት ዝረኸበ ዝጠልቦ ብዛዕባ ምልክት ዶብ እቲ ንነዊሕ እዋን ተቐባልነት ዝረኸበ በቶም*

---

[6] ቴምፕል ናይ ፕሪያህ ቪሂያር (ካምቦድያ ብኣንጻር ታይላንድ) (ክብሪ), ጸብጻብ ICJ 1962፣ ገጽ 6 (ካብዚ ቀጺሉ ብ "ቴምፕል" ዝፍለጥ)።

[7] ሪኤ፣ ንኣብነት ርእይቶ ናይ ዓለምለኻዊ ቤት ፍርዲ ንፍትሒ ብዛዕባ ኒኩሊየራዊ ፈተነ (ኣዊስትራልያ ብኣንጻር ፈረንሳ)፣ ICJ ጸብጻብ 1974፣ ገጽ 253፣ ገጽ 267-268፣ ብዛዕባ ሕጋዊ ሳዕቤናት ናይ ባዕላዊ ኣዋጃት።

[8] ገላጋሊ ብይን ብዛዕባ ምጉት ንሓደ ሓደ ዓንድታት ዶብ ኣብ መንጎ ህዝባዊት ዓረባዊት ግብጽን ሃገረ እስራኤልን፣ 80 ILR 226 (1988)፣ 27 ILM 1421 (1988) (ካብዚ ቀጺሉ ብ"ጣባ" ዝፍለጥ)

[9] ጉዳይ ቴምፕል ይጥቀስ፣ ICJ ጸብጻብ 1962፣ ገጽ 34።

*ዝምልከቶም ሃገራት ክኽብርዎ ክምዘለዎም እምበር ንዘይተወሰነ ጊዜ ጌጋታት እንዳለቐምካ ክብዳህ ኣይግባእን ኢዩ።*[10]

3.12 እዚ ኮምሽን ስርሓቱ ንምንጥጣፍ ካልእ ትዕዝብቲ ኣብ ግምት ዘእትዎ ብኸምዚ ዝስዕብ ዓለም ለኻዊ ቤት ፍርዲ ንፍትሒ ኣብ ጉዳይ ካሲኪሊ-ሰዱዱ ደሴታት ዝበሎ ኢዩ።

*ብዛዕባ ምብራህ ትርጉም ናይ ቃላት፣ ነቲ ስምምዕ ናይ 1890፣ እዚ ቤት ፍርዲ፣ ነቲ በቲ ሰብ ነገር ዝቐርብ ትሕዝቶ ንምምርማር፣ ነዚ ናይ ሎም ዘበን ዘሎ ሰነ ፍልጠታዊ ኣፍልጦ ግምት ንምእታው ምንም ነገር ዝኸልክሎ የልቦን ይብል።*[11]

ይቕጽል

ዝኽሪ ንሰማእታትና

ተስፋሚካኤል ዮሃንስ
ኦስሎ ኖርወይ

teckle3@hotmail.com

www.afronorway.com

---

[10] ጣባ፣ 80 ILR 226 (1988)፣ 27 ILM 1421 (1988)፣ ሕጡብ 235።

[11] ጉዳይ ካሲኪሊ/ሰዱዱ ደሴታት ዝምልከት (ቦትስዋና/ናሚቢያ)፣ ICJ ጸብጻብ 1999፣ ገጽ 1060 (ካብዚ ቀጺሉ ብ“ካሲኪሊ/ሰዱዱ”ዝፍለጥ)